ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

**ደምዳሚ መግለጺ 4ይ-ስሩዕ ኣኼባ፡**
**ላዕለዋይ ባይቶ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)**

ላዕለዋይ ባይቶ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)፡ ካብ 05 ክሳብ 07 መጋቢት 2024 ዓ.ም. መበል 4ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣካይዱ። ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ ኣብ ኣኼብኡ፡ ህሉው ዓለማዊ ዞባውን ከባቢያውን ኩነታት፡ ኣብ ህዝባዊ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋ ፈቲሹ። ንሃገራዊ ኩነታትና ብዝምልከት ድማ፡ ህልው ኩነታት ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ብሓደ ወገን፡ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ሕሱም ሂወት ድማ በቲ ካልእ ወገን ብስፍሓት ተማያይጡ፤ ገምጋሙ ኣንቢሩ። ኩነታት ደምበ ተቓውሞ/ደለይቲ ለውጢ ኣብ ከመይ ዝመሰለ ኩነታት ከም ዝርከብ ፈቲሹ። ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ቃልስና፡ ህዝብና ኣንጻር ጨካንን ደመኛን ጸላኢኡ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ፡ ተቓሊሱ ከይዕወት፡ ብኣንጻሩ ዝወርዶ ዘሎ ዝኸፍአ ኣደራዕ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን እናኸፍአ ክቕጽል ዝገብር ዘሎ፡ ናይ ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ድኽመታት ፈቲሹ። ኤስሃግ ከም ኣካል ኣምሳል ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዘለዉዎ ውሽጣዊ ሕጽረታትን ዘጋጠሙዎ ብደሆታትን ገምጊሙ ።

ቀንዲ ድኽመት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ሓቀኛ ንባብ ስርዓተ ኣገዛዝኣ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርዱ ዘለዉ ቀንዲ ጸገማትን ብምልላይ፡ እዋናውያን ዕላማታት ሓንጺጹ ፡ህዝቢ ዝማእከሉ መሬት ኤርትራ ፡ቀንዲ ሕብረተ-ሰብኣዊ መሰረቱ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብር ህዝብና ገይሩ ፡ብንጹር ራእይ ክቃለስ ዘይምብቅዑ ምዃኑ ገምጊሙ።

ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ፡ እዚ ወሳኒ እዋናዊ ሕቶ'ዚ ምምላስ፡ ይውዓል ይሕደር ዘይባሃል ቀዳማይ ዕማሙ ክኸውን ከምዘለዎ ብምእማን፡ ነቶም ክቃለሱ ዝጸንሑን ዘለዉን ዓቕምታት ደምበ ተቓውሞና ናይ ምጥርናፍ ጻዕርታት፡ ተጠናኺሮም ክቕጽሉ፡ ገና ተበታቲኖም ዘሎዉ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ለውጢ ድማ፡ ዓቕምታቶም ዘዋሃህዱሉ፡ መቃለሲ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ፡ ብዓቕሙ ክረባረብ ምዃኑ ወሲኑ ።

ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ፡ ነቲ ንኹሎም ሕጋውን ሰላማውን መንገዲታት ሎኪቱ ብስነ ሞጎት ሓይሊ እናገዘአ፡ ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ብርሰት ዘቃልዕ ዘሎን፡ ንነጻነትን ልዑላውነትን ሃገር ኣብ ሓደጋ ንምውዳቕ ከይሰልከየ ዝሸቅል ዘሎ ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ምእላዩ ዝሓሸ መማረጺ ኣገባብ ቃልሲ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ ። ብቐዳምነት ግን ነቶም ተመሳሳሊ ዕላማን

ኣገባብን ዝኣምኑ ተቓለስቲ ሓይልታት ንምውህሃድ ዘብቅዖ ናይ ሓባር ስምምዕ ንምብጻሕ ፡ ብቀጻሊ ክዛተ ምኻኑ ወሲኑ ።

4ይ-ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ፡ መንእሰይ ኤርትራ ቀንዲ ሞቶር ቃልሲ ምኻኑ ብምእማን፡ ምስ'ቲ ብሽም ብርጌድ ንሓመዱ ተጠርኒፉ ፡ ኣብ ዲያስፖራ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዘይሕለል ቃልሲ ከካይድ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ለውጢ ሓይሊ፡ ኣብ ዝሰማማዓሎም እዋናውያን ዕላማታት ተቐራሪቡ፡ ዓቕምታቱ ኣዋሃሂዱ ክቃለስ ድሉው ምህላዉ ኣረጋጊጹ ።

ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያንን፡ እዋናውያን ዕላማታት ኣብ ምንጻር፡ ካብ ውድባዊ ስምዒትን ድሌትን ውጽእ ኢሎም፡ ናይ ህዝብና ቀንዲ ጸገማትን ሕቶታትን ኣብ ምልላይ ይኹን፡ ኣብ ኣገባብ ቃልሲ ዝጸንሖም ፍልልይ ብምቅርራብ፡ ዓቕምታትና ኣብ ምውህሃድ፡ ዝላዓለ ቱኽረት ሂቦም፡ ዕቱብን ሓላፍነታውን ዘተ ከካይዱ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ ኣተሓሳሲቡ ። በዚ ኣጋጣሚ ላዕለዋይ መሰጋገሪ ኣካል ፖለቲካዊ ሓይልታት ጀሚርዎ ዘሎ ዝተፈላለዩ ተቓለስቲ ሓይልታት ናይ ምጥርናፍ ተበግሶ እናኣሞገሰ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ዋዕላ ንምዕዋት ኤስሃግ ካብኡ ዝድለ ዘበለ ኩሉ ከማልእ ዝከኣሎ ክገብር ምኻኑ ኣረጋጊጹ ።

ላዕለዋይ ባይቶ ኤስሃግ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ ኩሎም ጸገማትና ቀንዲ ተሓታቲ፡ ንነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርና፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ዝጸንሐን ዘሎን ደመኛ ጸላኢ ህዝብና ፡ ምስ ጎረባብትና ሓቢርና ንኸይንነብር ዝዘርግ እንኮ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ምኻኑ ብምስትውዓል፡ ካብ'ዚ ከም ሃገርን ህዝብን ኣንጸላልዩና ዘሎ ሓደጋ፡ ሓንሳእን ንሓዋሩን ክንናገፍ፡ ዓቕምታትና እነዋሃህደሉ ናይ ሓባር መቃለሲ ባይታ ክንፈጥር መጸዋዕታኡ ኣማሓላሊፉ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝሓለፈ ሹዱሽተ ኣዋርሕ ዝጸንሓና ዕማማት ብምግምጋም መጻኢ መደባት ሓንጺጹ ክሳብ ቀዳማይ ጉባኤ ኤስሃግ፡ መዓልታዊ ዕማማት ኤስሃግ፡ ዝመርሕን ዘዋሃህድን ፈጻሚት ኮሚቴ ብምምራጽ፡ ኣኼባኡ ዛዚሙ ።

ድሕነትና ብስሙር ቃልስና!!
ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

ላዕለዋይ ባይቶ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ)
08 መጋቢት 2024 ዓ.ም.